# "" Bye bye ቀዋዒት""

** ኦሮማይ**
ሕጂ ዘየውጽእዋ ካብ ማዕሙቕ ጥልቀት
ንዕርብርብ እንዳሃተፈት
ከዳሚቶም ዶ ኣይነበረትን ዝበልዋ ትደግም
ዝረገጸቶ ጠሊምዋ ሓሻካ ማሌ ግርግም ናብቲ ህጉም
ተጣቕዕ ዶ ኣይነበረትን ተንቀባርር
ተንቀላውጥ ዶ ደኽይ ነበረት ትልቕልቕ ትጽሕትር
ጻሕገርገር ዶ ኣይበለትን ብኽድመት ተዓሲባ
ሕጂ እንደሞ ተቓለዐ ውሽጣዊ ጉልባባ
መሬት ዓዲ ሃገር ቆራሚጣ ሸይጣ
ብዝሕላን ጮማን ከብዳ ኣዘፍጢጣ
ዘይትፈልጦ ክትፎ ቃላጽማ እንተሕበጣ
መሲልዋ ዝሓየለት ኣህዛብ ንቐልቁላ ኣፋጢጣ
ሕጂ እንደሞ ደበንገረ ኣንጸላልይዋ
መቓቕሮ እሳት ከቢብዋ--ረመጽ ተኻዕይዋ
ኣውዳላት ኣግኣዚ ደ' ሞ ክሳድ ኣውዒሎም
ጠብጠብቲ ለኣኽቲ ደ 'ሞ ሕጂ ኣድሒኖም
ስርግፍኦ ክትመልእ ፎቕዶ ዓውዲ ትቕውዕ
ግኖ ክትምእርር ዳስ እንዳማታ ተጣቕዕ
ካብትን ካብትን ገባቢታ--እጀታ እንዳ
ማታ
ዘለቕለቕ እንዶ ኾነ ሪሕብዋ ላዕታ
እዛ ነውራም !ዲሞክራሲ ያኢ ተረኺቡለይ ንዕንዳን
ጽዩፍ ባህሊ !ሰብኣይ ምስ ሰብኣይ ቃል ኪዳን
ቅዲ ሰብ ጻዕዳ ገዛ ከም ዘለዎ ሪዒማ
እዛ ቀዋዒት ቃርማ-- መሬት እንዶ ጠለማ
ዘሳወረቶ ሽልቢብዋ ሓሻካ ቀዋዒት
ሕጂ ደ 'ሞ ናዕቢ ጎንደር ተመሊሱ ድሕሪት
ጽልኢ ወልቃይት ቅዝፈት ኦሮሞ
ቀዋዒት ተቐርቂራ ናበይ እያ ትሃድሞ
ሓሻካ ማሌ መሬት ሃሚምዋ
እሳት ከቢብዋ
ፈኸምታ ቁልዒ ገሃጽሃጽ ኢሉ ካብ ገንደር ክሳብ ሸዋ
ሕጂ ደሞ ኣራት ኪሎ መጺና ኣድሒናኪ
ውዕሎ ወፍሪ ስግረ ዶብና ረሲዕኪ ሕስምና ተመነኺ
ኣበይ ደኣ ኣለዉ ያሒት ኣግኣዚ ቀዋዒት ከዳሚት ዘየድሕኑኺ ሕጂ
ባዕልኺ ብዝፈጠርኪዮ ረመጽ እምባጋሮ
ቲኽ ቲኽ በሊ እምበር ከም ጻሕሊ ሽሮ
ሓሻካ ቀዋዒት ኦሮማይ
Bye bye bye

ኣሸናፊ ኣብርሃም(ኣሼ )
2017